# ሰንበት ዘብርሃን

## ታሕሣሥ 14 2016 ዓ.ም. 12/ 24/2023

**መዝሙር፡** አቅዲሙ ነገረ በኦሪት... አቅዲሙ ነገረ በኦሪት ከመ ይመጽእ ወልድ በስብሓት... ወልድ ንጽዮን ቃል ተሓጓሲ ኬስምዕ ከም ዝመጽእ ቀደም ብኦሪት ተናገረ፥ እንደገና ከአ ብአፍ ዳዊት እቲ ብስም እግዚአብሔር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ ተባህለ፥ ንሱ ንጻድቃን ዘብርህ ናብ ዓለም ዝመጽእ ብርሃን እዩ፥ ንዝጠፍኤ ኪረድእ ንዝተበተኑ ኪእክብ ንቤተ ክርስትያን መርዓዊአ ኰይኑ ናብአ መጸ።
**ንባባት፡** ሮሜ፡13፡11-ፍ፥ ፩ዮሓ. 1፡1-ፍ፥ ግ.ሓ. 26፡12-19፥ ዮሓ. 1፡1-19
**ስብከት፡** ፈኑ ብርሃንከ ወጽድቀከ እማንቱ ይምርኃኒ ወይሰዳኒ ደብረ መቅደስከ ወውስተ አብያቲከ እግዚኦ። ብርሃንካን ሓቅኻን ልአኽ፥ ንሳተን ይምርሓኒ፥ ናብታ ቅድስት እምባኻን ናብታ መኅደሪካ ዝኾነት ቤት መቕደስን የብጽሓኒ (መዝ፡ 43፡3) ።

ብርሃን አምላኽ አብ መገዱ አብ ቤተመቕደሱ ከብጽሓና ንልምን። አብ አምላኽ ገጹ ዝወስድ መገዲ ክንሕዝ ከሎና አብ መገድና ከይንዕንቀፍን ከምኡ መገዲ ከይጠፍአና ንሱ ብጸጋኡን ብርሃኑን ምሳና አሎ። ብርሃና አብሪህና አብ ምንጪ ብርሃን አምላኽ ገጽና ክንጉዓዝ ዝሕግዘና ስብከት።

ምጽአት ክርስቶስ ሰናይ ሓጎስ ሰበስር እዩ። ንሱ ብሩኽ ንኩሉ አብ መአዲ ምሕረት ዘምጽእ እዩ። ንሱ ንዝጠፍኤን ንዝተበተነን ክእክብ ናባና ስለ ዝመጸ ምንጪ ናይ ዕርቅን ሓጎንስ ንስሓን እዩ። ናይ ክርስቶስ ምጽአት ዓይንና ከፊትና አብቲ ንሱ ዘምጽኦ ጸጋ ተሳተፍቲ ክንከውን እዩ ዝድለ ዘሎ። እቲ ብቀደም ዘመን ክመጽእ እዩ ተባሂሉ ዝተነግረሉ ሎሚ እውን ብሓዲስ መልክዕ ዕለት ዕለት ይመጸና ስለ ዘሎ ክንቅበሎ ተሰናዲና አፍደገ ልብና ከፊትና ንጽበየካ አሎና እናበልና ክንጽበዮ ይግብአና። እና መጽአና ከሎ ገሸና ከይንጸንሖ፥ዓጺና ከይንጸንሖ፥ እሞ አብ ገዛኹም አብ ቁምስናኹም አብ ዓድኹም መጺአ ስኢነኩም ከይብለና ሎሚ አብ ቤትና እቶ ከሉ ቀሪብና ተሰናዲና አሎና ምጽአና ንበሎ።

ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ከስተንትን እንከሎ እቲ አባና ዘሎ ግብረ ጽልመት ኵሉ ደርቢና ዋልታ ጽድቂ ንተአንገብ ንልበስ፥ ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ዓለም መጺኡ እዩሞ ንዑ ብብርሃኑ ንመላለስ ይብለና። ዳዊት ድማ ብብርሃንካ ብርሃን ምእንቲ ክንርኢ ብርሃንካን ጽድቅኻን ስደድ ይብል ምስማክ። ደጊሚ ክርስትያን ካብ ኮና እምነትና ፍሉጥ ሕይወትና አብ ሓቅን ጽድቅን ዝተመስረተ ኮይኑ ክጉዓዝ አልኦ። ንክርስትያናዊ ጉዕዞና ብዕጦቅን ብንቕሓትን ክንመርሖ ከሎና ናይ ብሓቂ አብ መገዲ ብርሃን ክመርሓና እዩ። ብህርና አብ ገለ እዋን ብርሃን ይድጉሖ እዩ እሞ ንብርሃን ምርአይ ከይጽግሞ ንብርሃን ነለማምዶ ኢና።
ካልአይ ሰንበትና አብ ዘመነ ምጽአት ክርስቶስ ብርሃና ከም ዝኾነ ክንሓስብ እሞ አብኡ ክነብር ከም ዘሎና የዘኻኽረና።

**ክርስቶስ ብርሃን ዓለም እዩ ክንብል ከሎና፡**

•ኩሉ አብኡ ዝአምን፥ ብርሃን ዝቕበል ምስ አምላኽ ርክብ አልኦ። አብኡ ኃጢአት ዝብሃል የለን ምስኡ እንተሎና አብ ብርሃን ስለ ዘሎና ንኹሉ መሚና ንኽእል እሞ ሽዑ ካብ ዝኾነ ኃጢአት

ክንድሕን ንኽእል። ስለዚ ምስ ምንጪ ብርሃን ምኳን ማለት ካብ ኃጢአት ነጻ ምኳን ማለት እዩ።

•ንሱ ምንጪ ናይ ኩሉ ብርሃን እዩ። ኩሎም ኣብ ብርሃኑ ዝመላለሱ ንኹሉ ርእዮም ይኽእሉ፣ በዚ ኸአ ንሕማቕ ሓዲጎም ኣብ ሕይወት ይመላለሱ። ኣባይ ንበሩ ሕይወት ከአ ክህበኩም እየ ዝበለና ክርስቶስ ኣብኡን ምስኡን ክነብር ናታትና ድለት ወሳኒ እሞ ኩሉ ጊዜ ክንጽዕረሉ ዝግብአና ጉዳይ እዩ። ዝዛሪ ማይ ካብቲ ምንጪ ብዝኾነ መገዲ እንተ ተዓግተ ዝነጽፍ ከምኡ ኸአ ንሕና ካብቲ ምንጪ ብርሃና ዝኾነ ክርስቶስ ክንፍለ ከሎና ኣንፈትና ንስሕት እሞ መገድናን ምንጭናን ኣጥፊእና ክንከዶ ዘይግብአና መገዲ ጸልማት ሒዝና ንጉዓዝ። ሎሚ ሕይወትና መርሚርና ኣብቲ ምንጪ ብርሃና ክንምለስ እሞ ምስኡ ክንጉዓዝ ንኻልኦት ብርሃን ክንከውን ምስኡ ርክብና ንሓድስ።
•ብርሃን ንኻልእ ክንሕግዝ ይሕግዘና። ኣብ ብርሃን ዝነብር ስለ ዝርኢ ናይ ካልኦት ጸገም ርእዩ ይኽእል እሞ ኣብ ሓገዞም ይወፍር። ጸልማት እንተ ጎልበበና እስከ ይውጋሕ ንብል። ጸልማት ንኹሉ ከይንርኢ ስለ ዝኽውለና ኣብ ብርሃን ክንመላለስ ንግደድ። ዝበርሀት ሽምዓ ካብአ ንኻልእ ክነብርሃላ ንኽእል ዘይበርሀት ግን ሓንቲ ካብአ ክንገብር ኣይንኽእልን። ብርሃን ክርስቶስ ብአና ኣቢሉ ኣብ ካልኦት ከብርህ ንርእስና ብብርሃኑ ዝተኾላዕና ክንከውን ይግባእ። ምስኡ ቀጻሊ ርክብ እንተ ኣሎና ነቲ መገዱ ክንጋገዮ ስለ ዘይንኽእል ንኻልኦት ነቲ መገዲ ክንሕብሮም ብርእሰ ምትእምማን ክንነግር ንኽእል። ኣብ ከምዚ ኩነት ዝርከብ ጥራሕ እዩ ንብርሃን ከሳትፍ ዝኽእል።

ኢሳይያስ ነብይ ናይ ክርስቶስ ምጽኣት ክንበ እንክሎ ንድኻታት ብስራት ከበስር ቀብአኒ ንስቡራት ልቢ ክዘንን፣ ንምሩኻት ሓርነት፣ ንእሱራት ከአ ምፍታሕ ክእውጅ ልአኸኒ (ኢሳ. 61፡1-11) እናበለ ቅድሚ ሾመንተ ሚእቲ ዓመት ብክርስቶስ ንዝመጽእ ምሕረትን ምሕዳስ ሕይወትን ይገልጸልና። ክርስቶስ ኣብ መንጎና ምስ ሓደረ ደቂ ሰብ ካብ ባርነት ናብ ነጻነት ካብ ጸላም ናብ ብርሃን ኣቲና። ነዚ ንሱ ዝሃበና ጸጋ ደጋጊምና ኣብ ሕይወትና እንተ ዘይለበስናዮ ዘንጋዕቲ ኢና እሞ ክንበራበር ኣሎና። መንፈስና ከይደክም ትግሃት የድልየና።

ድኽነት መንፈስ ንሕይወትና ኣብ ጸልማት ከም ዝነብር ይገብሮ። ድኽነት ክንብል ከሎና ቁጣባዊ ድኽነት ማለት ኣይኮነን። ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ተቛሪጹ ወይ ከአ ልሕሉሕ ኮይኑ ክብተኽ ዝቐረበ ክኸውን እንከሎ እዚ ጎዳኢ ድኽነት ይብሃል። ድኽነትና ኣብ ማሕበራዊ፣ ስምዒታዊ፣ ስነአእምራዊ፣ መንፈሳዊ ሕይወትና ክኸውን እንከሎ ናይ ብሓቂ ተጎዲእና ኣሎና ማለት እዩ። ክርስቶስ ካብ ከምዚ ዝአመሰለ ድኽነት ከውጽአና ኢሉ እዩ ሥጋና ዝለበሰ ኣብ መንጎና ዝሓደረ። ሎሚ እውን ካብቲ ካብ ክብርናን ንሱ ዘምጽአልና ድሕነት ርሒቕና ክነብር ከሎና ዘኽታማትን ድኽነት ጸጋ ክርስቶስ ዘጥቅዓና ኮና ንነብር ኣሎና ማለት እዩ።

ብክርስቶስ ሓራ ዝወጻእና ፍጥረት ኢና። ሓርነት ከአ ኣብ ምሉእ መሰልን ቅሱን ሕይወትን ወሲዱ ንኹሉ ብማዕረ ክንርኢ ክነኽብር ይሕግዘና። ነቲ ክርስቶስ ዘምጽአልና ሓርነትን መሰል ወዲ ሓርነትን ክንሕሉ ክንለብሶ ዝግብአና መንፈሳዊ ዕጥቂ ኣሎ።
ንሱ ኸአ፡

1.አነ ብክርስቶስ ሓረ ዝወጸእኩ ውሉድ ብርሃን እየ ዝብል መንፈስ ክለብስ አሎኒ። ክርስቶስ ዕርቡን ድሕነት ከፊሉለ እዩ። ምእንታይን ንድሕነተይን ኢሉ ሥጋ ለቢሱ ሓሚሙ መይቱ ተንሢኡ። ነዚ አብ መዓልታዊ ሕይወተይን አብ ዕሞቕ አእምሮይን ክቕበሎን ክነብርን አሎኒ። አነ ወዲ ሓርነት እየ። ፈቃር አምላኸይ ምእንታይ ስለ ዝተሰብአለይ ስለ ዝሞተለይ አብ ብርሃኑ ክመላለስ አሎኒ ኢለ ንነፍሰይ ከእምናን ክመርሓን አሎኒ።

2.ሓርነት ማለት ነጻነት ማለት እዩ። ነጻነት ዝአወጀ ጥራሕ እዩ አብ ሕይወቱ ቅሱን ዝኸውን። እዚ ኸአ ንኹሉ ዓመጽ አወጊዙ አብ ቅድስናን ፍቕርን ይነብር። ኩሉ ግብሩ ሰብኒ እዝግን ይምስክሩሉ። እምብአር ወዲ ብርሃን አብ ጸላም ክነብር አይናቱን እዩ። ደቂ ክርስቶስ ዘብለና ተኻፈልቱ ብርሃኑን አብቲሕቲ ብርሃኑ አጽሊልና ስለ እንነብር እዩ። ንብርሃን ክርስቶስ ብኻልእ እንተ ተካእናዮ አብ ሕይወትናን ሕይወት አሕዋትናን ሞት ጭቆና፥ ጭካኔ ንእውጅ አሎና ማለት እዩ። አብ ሞት አብ ኃጢአት ክነብር ከሎና አባና ብርሃን ክርስቶስ የለን፥ ከምዘሎ ገርና ክንሓስብ ንኽእል ንኸውን እንተኾና አባና ዘሎ ክርስቶስ ዘይኮነ ምትላል ርእስና እዩ። እምብአር አብ ብርሃኑ ንንበር።

ሰንበት ዘብርሃን ፍሉይ መልእኽቲ ንነፍስወከፍና ዝሓዘ እዩ። ካብቲ ዓጊቱና ዝነብር ጸረ ክርስቶስ ዝኮነ መንፈስ ክንወጽእ። ካብ ጸላም ክንወጽእ እሞ ንወሃቢ ብርሃን ክርስቶስ ርኢና ክንክእል። አምላኽ ሓንሳእ ምስ መሓረ አይተጣዕሰን ንሕና ኢና ጠሊምና ዘሎና ሎሚ ብርሃኑ ብዳግም ከብርሃልና ነፍቅደሉ። ዘሎናዮ እዋን ንክርስቶስ ክነለልዮ፥ ክንቀርቦ፥ክንሰምዖ እሞ ክፍሊ ሕይወትና ገርና ክነብር ንሕተት አሎና።

ቅዱስ ጳውሎስ ንስኹም ተኻፈልቲ ብርሃን ክርስቶስ ኢኹም ይብለና። አብ ክርስቶስ ክነብር ከሎና አብ ሓጎስ አብ ምሉእ ሰላም ንነብር። ክርስቶስ አምላኽና ምሳኻ ምንባር ይሕሸና እናበልና ንኻልኦት አሕዋትና ክርስቶስ አብ መንግኦም ክነብር ክሓድር መጋበሪ ክንከውን ሕሩያትን ጽዉዓትን ከምዝኾነ ክንፈልጥ አሎና።

ቅዱስ ዮሓንስ አብ ብርሃን ክንሳተፍ መገዲ ይሕብረና። ንስሓ ኃጢአት እታ ቀንዲ እያ ይብለና። ተንስሑ አብኡ እሙኑ ይብለና። ተአምኖተ ኃጢአት ክንገብር ሎሚ እዋኑ እዩ። ሕይወትና ክንሓጽብ ሽዑ አብ ክርስቶስ ክንቀርብ። ንስሓና አብ ፍጹም ተሓድሶን ውህደትን ምስ ፈጣሪና የብጽሓና። ክትንሳሕ ግን ነቲ ዘለኻዮ ክፍአት ጉድለት ክትፈልጥ አሎካ። አነ ክንሳሕ ክሕደስ ንነፍሰይ ከፍቅራ አሎኒ። ብኃጢአቱ ዘይንሳሕ ቀዳማይ ጸላኢ ነፍሱ እዩ። ምኽንያቱ አብ ነፍሱ ካብ ብርሃን ጸልማት ከንግስ ስለ ዝመርጽ። ዝተነስሐ ልቢ ካብ ንስሓ ንስብከት እዩ ዝወፍር፥ እምብአር ብዛዕባ ፍቕሪ፥ ሰላም ክሰብኽ ዝኽእል ዝተነስሐ ጥራሕ እዩ። ንልደት መድኃኒ ክነብዕል እንተኾና አብዚ ክነት ክንርከብ አሎና።

ንቅዱስ ዮሓንስ ሰባት ቀሪቦም እንታይ ንግበር እንታይ ትብለና እናበሉ አብ አምላኽ ከቕርቦም ዝኽእል መንገዲ ክሕብሮም ሓቲቶሞ። ነፍስወከፍ ሰብ ቀሪቡ ሕልንኡ ክሓትት ክኢሉ። ሽዑ አብ ተሓድሶን ንስሓን አትዮም ሎሚ ኩልና ነዚ ሕቶ ብግልን ብሓበራን ክንሓቶ አሎና። እንታይ ንግበር ክንብል ከሎና ከም ቁምስና ከም አሕዋት ከምኡ ከም ደቂ ቤተክርስትያን እንታይ ንግበር ክንብል ከሎና አብ መንገና ዘሎ ድኽመትን ኃጢአትን አሊና ሎሚ ንክርስቶስ ብዳግም አብ መንገና ክውለድ ክነፍቅደሉ። ብግልና ኸአ ሱባአ ክንአቱ አብ ልብና ክንምለስ እሞ አብ ጽሙና አቲና ኃጢአትና ክንእመን ክንጥዓስ በዲለ

ክንብል፥ ሽው ጉዕዞ ናብ ሰማያዊ አቦና ገጽና ክንጉዓዝ። ሽው አምላኽና ወደይ ጓላይ መትኩም ነርኩም ሕይወት ረኺብኩም ጠፊእኩም ነርኩም ተረኺብኩም እናበለ አእዳዉ ዘርጊሑ ክቕበለና እዩ።

ብሕልና ንመራሕ ፍርሃት አምላኽ አሕዲርና ንሓቂ ሒዝና ጉዕዞ ሕይወትን ከም መብራህቲ ንርእስናን ንኻልኦትን ንሓግዝ። አብ መዓልታዊ ሕይወትና ከምሽምዓ ክንበርህ ንሰባት አብ ጽቡቕ ክንመርሕ ጻዕሪ ድኻም ከምኡ ስኩፋት ምኽን የድልየና። ምስ ሰባት አብ ሰላም ፍቕሪ ክትነብር ጥዑም እዩ። እንተኾነ ሰላም አብ ግብሪ ክነብራ ናይ ነፍስወከፍና ቅኑዕ ሕልናን ንፈተና በርቲዕካ ምቅላስ የድሊ። ንክርስቶስ አብ ቅድመና ስኢልና ክነብር እንተ ኽኢልና ዓወት ምሳና እዩ። ምሳኻ ምንባር ይሕሸኒ ንበሎ።

ማርያም አደ ብርሃን ንብላ ምኽንያቱ ክርስቶስ ካብአ ባሕሪ ሥጋ ስለ ዝወሰደ እቲ ዝለዓለ ርክብ ምስ አምላኽ ዘልአ ንሳ እያ። ቀዳመይቲ ተኻፋሊት ብርሃኑ ገርዋ። ገብርኤል መልአኽ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ ዝተባረኽኪ ኢኺ፥ ጸጋ ዝመልአኪ ኢኺ ክብላ እንከሎ መንነታ እዩ ገሊጹልና። ሕይወት ማርያም ንአምላኽ ክትሰምዕ ክተገልግል ስንድውቲ እያ ነራ። ዕብየትን ክብርን አምላኽ ዘንጊዓቶ አይትፈልጥን። ንሳ ርአዩ አባይ አምላኽ ዝገበሮ ድንቂ ነገራት እናበለት ንአና ንደቂ ሰብ አብቲ ንሳ ዘስተማቐረቶ ናይ አምላኽ ጸጋ ክንሳተፍ ትሕብረና። መንገዲ ሰማይ ካብ ማርያም ክንምሃሮ ክንክእል አብአ ንቕረብ። ንሳ ክትጸድቁ ደቂ ብርሃን ክትኮኑ ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ትብልና። አደ እቲ ዝዓበየ ተልእኮአ ንስድርአ ምምራሕ ሓልዮት ናይ ስድራአ ፍርቕሪ ናይ ስድርአ እዩ፥ ማርያም አደና አደ ቤተክርስትያን ስለ ዝኾነት አብ ሕቑፋ ክነብር አብነታ ክንክተል ኩሉ ጊዜ ንቕረባ። ኦ አደ ብርሃን አ ልብና አብ ኩሉ ሕይወትና ብርሃን ወድኺ ከይፍለየና ለምንልና። አብ ዝወድቕናሉ እዋን አደና ኢኺ እሞ ካብ ጌጋና እንምለሰሉ ጸጋ ካብ ወድኺ ለምንልና ንበላ። አደ መድኅኒ ኢኺ እሞ ኩሉ ጊዜ ንድሕነት ነፍስና ተጊህና ክንጸንዕ ሓግዝና ንበላ።

ብሩኽ ሰንበት ዘብርሃን ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ